
ርግጸኛ
መልሲታት
ብዛዕባ
”ኤች አይ ቪ”(Hiv)
NoaksArk

# ”ኤች አይ ቪ” እንታይ እዩ?

**”ኤች አይ ቪ”**፡ ሓደ ኣብ ኣካላትካ ነባሪ ዝኾነ ረኽሲ ዘስዕብ ”ቫይረስ” እዩ። ክሳብ ሕጂ ”ኤች አይ ቪ” ከሕውዮ ዚኽእል መድሃኒት ኣይተረኽበን ዘሎ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ሸወደን ዚግበር ናይ ”ኤች አይ ቪ” ሕክምና ኣዝዩ ጽቡቕ ብምዃኑ፣ እቲ ”ኤች አይ ቪ” ዘሎዎ ሰብውን፣ ከም ኩሉ ሰብ ነዊሕ ዕድመ ክህልዎ ይኽእል’ዩ። እቲ ሕክምና ግን ቀልጢፍካ ክጅመር ኣሎዎ፣ ምኽንያቱ ድማ ሕክምና ዘይተገብረሉ ናይ ”ኤች አይ ቪ” ረኽሲ፣ ናብ ከቢድቲ ሕማማት ከምርሕ ይኽእል’ዩ። ኣብ መወዳእትኡ ድማ ክሳብ ንህይወት ኣስጋኢ ኪኸውን ይኽእል’ዩ። ስለዚ፡ ንናይ ”ኤች አይ ቪ” ሓደጋ ተቓሊዕካ ምስ ትኸውን፣ ምርመራ ክትገብር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

**”ኤች አይ ቪ” ኣብ መዓልታዊ ማሕበራዊ ርክባት ብፍጹም ኣይለግበካን እዩ።**

# ”ኤች አይ ቪ” ብኸመይ ይተሓላለፍ?

- ምስ ሓደ ሕክምና ዘይገበረ ”ኤች አይ ቪ” ዘሎዎ ሰብ፣ ዘይውሑስ ዝኾነ ጾታዊ ርክብ ናይ መሃንቱስ ወይ ርሕሚ ጾታዊ ርክብ ብምግባር።
- ምስ ሓደ ሕክምና ዘይገበረ ”ኤች አይ ቪ” ዘሎዎ ሰብ፣ ናይ ኣፍ ጾታዊ ርክብ ብምግባር።
- ኣብቲ ደም ዝወሃበካ ጊዜ ወይ ሓደ ኣካላት ናይ ሰብ ክቕየረልካ ከሎ።
- ብደም ዚግበር ምትሕልላፍ - መውግኢ-መራፍእ ኣብ ትለቓቕሓሉ ጊዜ።
- ካብ ሓንቲ ”ኤች አይ ቪ” ዘሎዋ ኣደ፣ ኣብ ጊዜ ጥንሲ፣ ኣብ ጊዜ ሕርሲ ወይውን ኣብ ጊዜ ምጥባው ቆልዓ ዘጋጥም ምትሕልላፍ እዩ።

# ”ኤች አይ ቪ” ሕክምና ምስ ዝግበረሉ

**እዚ ናይ ሎሚ ዘሎ ናይ ”ኤች አይ ቪ”** ሕክምና ኣዝዩ ውጽኢታዊ ብምዃኑ፥ ብዝሒ ናይቶም ኣብ ኣካላትካ ዘሎዉ ”ቫይረስ” ስለ ዝንክዮ፥ ናብ ኣዝዩ ትሑት ዓቐን ደረጃ'ዩ ዘውርዶ። ሕክምና ዝተገብረሉ ”ኤች አይ ቪ” ብጾታዊ ርክብ ኣይተሓላለፍን እዩ። ኣደ እንተ ደኣ ኣቐዲማ ሕክምና ተጌሩላ ጸኒሑ፥ ኣብ ጊዜ ጥንሲ ወይ ሕርሲ ከጋጥም ዚኽእል ናይ ምትሕልላፍ ሓደጋ ኣዝዩ ትሑት እዩ።

ብምልቖቓሕ መውግኢ-መራፍእ ዘጋጥም ምትሕልላፍ፥ ብኸንደይ ከም ዝጐደለ ኣብዚ ዘሎናዮ እዋን፥ ገና ኣይተፈልጠን ዘሎ።

NoaksArk
**DIREKT**

**020-78 44 40** ርግጸኛ መልሲታት ብዛዕባ
’’ኤቸ አይ ቪ’’ (Hiv)

# ንርእስኻን ንኻልኦትን ተኸላኸል

- ”ኮንዶም” ካብ ”ኤች አይ ቪ” ከምኡ ውን ካብ ካልኦት ብጾታዊ ርክባት ዝተሓላለፉ ሕማማት ይከልኸል’ዩ።
- መውግኢ-መራፍእ ምስ ዝኾነ ካልእ ሰብ ብፍጹም ኣይተለቃቕሕ።
- ትጠራጠር ምስ ትኸውን ምርመራ ግበር።
- ብመድሃኒት ሕክምና ዝተገብረሉ ”ኤች አይ ቪ”፣ ኣብ ገዜ ጾታዊ ርክባት ኣየተሓላልፍን እዩ። ውሑስ ጾታዊ ርክብ ዝኸውን፣ ምስቲ ሕክምና ናይ ”ኤች አይ ቪ” ዝተገብረሉ ሰብ እዩ።

# ሰብ "ኤች ኣይ ቪ" ሒዝዎ ከም ዘሎ ብኸመይ ይፈልጥ?

**እቲ እንኮ "ኤች ኣይ ቪ"** ከም ዝለገብካ ክትፈልጠላ ትኽእል ኣገባብ፣ ናይ "ኤች ኣይ ቪ-ምርመራ" ምግባር'ዩ። ንሓደጋ "ኤች ኣይ ቪ" ተቓሊዐ ኣሎኹ ኢልካ ምስ ትጥርጥር፣ ምርመራ ክትገብር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። "ኤች ኣይ ቪ" ለጊቡካ ከም ዘሎ ምፍላጥ፣ ናይ "ኤች ኣይ ቪ" ሕክምና ንኽትገብር ዕድል ዚኸፍት ኮይኑ፣ ናይ ኣካላት መከላኸሊ ህዋሳት ብምምዕባል፣ ብጾታዊ ርክብ ንኻልእ ሰብ ካብ ምልጋብ ነጻ ኪገብረካ እዩ።

ኣብ "ማእከል-ጥዕና"፡ ኣብ ክሊኒክ ቆርበትን ጾታዊ ሕክምናን፣ ኣብ መቐበል-ሕሙማት መንእሰያት፣ ናብቲ ናትኪ ክሊኒክ ማህጸን ወይ ኣዋላዲት-ነርስ (vårdcentral, hud- och könsmottagning, ungdomsmottagning, hos din gynekolog eller barnmorska) ብምኻድ ምርመራ ምግባር ይከኣል'ዩ። ኣብ ስቶክሆልም፡ ዮተቦርይ ከምኡ ውን ማልሞ፣ ነቶም ሰብኣይ ምስ ሰብኣይ ጾታዊ ርክብ ዚገብሩ ሰባት ክሊኒክ ኣሎ'ዩ። ናይ "ኤች ኣይ ቪ-ምርመራ" ብነጻ ኢኻ ትገብር። መንነትካ ከይተገልጸ ምርመራ ምግባር ይከኣል'ዩ።




ብዙሓት ናይ ”ኖዋክስ-ኣርክ” ማሕበራት፥ ኣብ ውሽጢ 15 ደቓቕ መልሲ ትረኽበሉ፥ ናይ ”ኤቾ አይ ቪ-ምርመራ” ዕድል ይህባ እየን።

# ”ኑዋክስ-ኣርክ”

**”ኑዋክስ-ኣርክ” (Noaks Ark)**፡ ናይ ”ኤች አይ ቪ” ከምኡ ውን ካልእ ብደምን ብጾታዊ ርክባትን ዝተሓላለፉ ሕማማት ንምንካይ ዝሰርሕ ትካል’ዩ። ንሕና፡ ትምህርቲ ንህብ፡ ንሕብር ከምኡ ውን ምኽሪ ንህብ ኢና። ቅልጡፍ ናይ ”ኤች አይ ቪ-ምርመራ” መልሲ ዚርከበሉ፣ ከምኡ ውን ግላዊ ደገፍን ማሕበራዊ ንጥፈታትን እንውፍየሉ መደባት ኣሎና። ንሕና ”ኖዋክስ-ኣርክ”፡ ጥዕናን ጽቡቕ ሃለዋትን ናይቶም ብ”ኤች አይ ቪ” ዝተታሕዙን ንስድርኦምን ክብ ንኽብል ንዓዪ ትካል ኢና። ኣብ ሕብረተሰብ ጸላዊ ሓሳባት ብምዝርጋሕ፣ ነቲ ብዛዕባ ”ኤች አይ ቪ” ዘሎ ንቕሓት ክብ ንኽነብልን፣ ብምኽንያት’ቶም ጾታዊ-ርክባት ንዝተሓላለፉ ሕማማት ዘሎ ናይ ሕፍረት ስምዒት ንምንካይ ንሰርሕ ኢና።

# ኣብ ቀረባኻ ናይ ”ኑዋክስ-ኣርክ” ማሕበራት ርኸብ

ሃገራዊ ማሕበር ”ኑዋክስ-ኣርክ”፣ ነቶም ኣብ ምሉእ ሽወደን ዝነጥፉ ዘባውያን ማሕበራት ዝሓቖፈ እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ”ኤቸ አይ ቪ” ከምኡ ውን ኣብ

-ቀረባኻ ዘሎ ማሕበር ”ኑዋክስ-ኣርክ” ንምርካብ፣

**WWW.NOAKSARK.ORG**

TIGRINJA